**10/06/2009**

# ኢራን ብሰናይ ፍቃድ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዓሰብ ክተሰላስሎ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ መደበር ናይ ምቛም ዕማም ሙሉእ ብሙሉእ ከምዝወድኣቶን ዝተፈላለዩ ከበድቲ ኣጽዋራት ሚሳየላት ከምዝለኣኸት ተገሊጹ።

መርበብ ሓበሬታ ኣውና ከምዝጸብጸበቶ ኢራን ኣብ ወደብ ዓሰብ ወተሃደራዊ መደበር ንምቛም ክተሰላስሎ ዝጸንሐት ዕማም ሙሉእ ብሙሉእ ስለዝወደአት ኣጽዋራትን ሚሳየላትን ክሳብ ምትካል ዝበጽሐ ስራሓቲ ፈጺማ ከምዘላ ምዕራባውያን ሃጋራት ይገልጻ ኣለዋ።

ኢራን ብፍላይ ሃገራት ዓለም ሽፋቱ ባሕሪ  ኣብ ልዕሊ መራክብ ንግዲ ይፍጽምዎ ንዘለው መጭወይቲ ንምክልካል ብዝብል ብዙሓት መራክብ ሓይሊ ባሕሪ ምስዳዳን እስራኤል ብግዝኣት ሱዳን ኣቢሎም ናብ ወሽመጥ ቃዛ ይጉዓዓዙ ንዝነበሩ ካብ ኢራን ዝተበገሱን ስርዓት ኢሳይያስ ዝተረከቦምን ኣጽዋር ብነፈርቲ ድሕሪ ምዕናዋን ነቲ ከበድቲ ኣጽዋርን ሚሳይላተን ናብ ወደብ ዓሰብ ናይ ምጉዕዓዝ ስራሕ ኣሓይላ ከምዝቀጸለትሉን እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ'ዩ ።

እስራኤል ብወገና ንነፍሲወከፍ ምንቅስቃስ ኢራን ብትኩረት ትከታተሎን ኢራን ብፍላይ ኣብ ወሰናወሰን ቀይሕ ባሕሪ ምስ ዝርከባ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዋ  ርክብ ከመይ ከምዝመስል ብዕምቆት ትግምግምን ምህላዋ ተጠቂሱ ኣሎ።

እስራኤል ኢራን ኣብ ኤርትራ ተቁሞ ዘላ ወተሃዳራዊ መዋፈሪ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ከይፍነው ካብ ዘለዋ ስግኣት ኮይኑ ኢራን ብዙሓት ወተሃደራት ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፉ ሮኬታትን ናብ ግዝኣት ኤርትራ ምሰዳዳ ዘተሓሳሰባ 'ውን ካብዚ ብምብጋስ ከምዝኮነ'ዩ ከኣ ማሪቭ ዝተብሃለት ጋዜጣ እስራኤል ጸብጺባ።

ኢራን ኣብ ወደብ ዓሰብ ጌራቶ ንዘላ ምትእትታው እስራኤል  ናብ ሓማስን ሂዝቦላህን ኣጽዋር ኣብ ምቅባል ክህልዎ ንዝኽእል ተራ ኣብ  ዝኾነ ይኩን እዋን ሓደጋ ናብ ኮረድዮ ባብ ብዘለዎ ቅርበትን ከምኡ'ውን ኣብቲ ቦታ ተኺላቶ ንዘላ ናብ ግዝኣታ ክበጽሕ ዝኽእል ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ሚሳይልን ብምስጋእ ከምዝኮነ እታ ጋዜጣ ኣረዲኣ 'ያ። ስለዝኮነ እስራኤል ኣብ መጥቃዕቲ ኣየር ኣድሂቡ ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘቅነዐ ናይ ምክልካል ሜላ ክትክተል ከምዘለዋ ድማ እታ ጋዜጣ ኣመልኪታ።

-----------------------------------------------------------/////////----------------------------------------------------

**10/06/2009**

## *ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ተካይዶ ካብ ዘላ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ክትቁጠብ ሓደ ላዕለዋይ ዲፕሎማት ምምሕዳር ባራክ ኦባማ ኣጠንቂቁ።*

ኣብ ኣፍሪቃ ላዕለዋይ ዲፕሎማት ኣፍሪቃ ጆን ኮርሰን ኤርትራ ምስ ዋሽንግተን ጽቡቅ ርክብ ክትምስርት ባህጊ እንተለዋ ብዘይገለ ቅድመ ኩነት ነቲ ኣብ ሶማልያ ትገብሮ ዘላ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ደው ከተብሎ ኣለዋ ክብል ምግላጹ ሮይተርስ ዘወሃሃዶ ዜና ሓቢሩ።

ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሶማልያ ተበርክቶ ዘላ ግደ ኣብታ ሃገር ሰላም ምርግጋእን ንምዕሳል ይግበር ንዘሎ ጻዕሪ ዘይሕግዝ ምኳኑ ከኣ ኣስሚሩ'ሎ።

'ኳድኣስ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ንዝንቀሳቀሱ ዕጡቃት ትድግፍን ተተባብዕን ምህላዋ ንኣልሸባብን መራሒኡን ዘድሊ ምትሕብባርን ደገፍን ትገብር ከምዘላን 'ውን እቲ ኣሜሪካዊ ዲፕሎማት ገሊጹ'ዩ።

ንሕና ምስቲ ንኤርትራ ዘመሓድር ዘሎ ስርዓት ጽቡቅን ንቡርን ርክብ ክህልወና ኢና ንደሊ ዝበለ 'ቲ ኣሜሪካዊ ዲፕሎማት እዚ ጋህዲ ዝኸውን ግን ኤርትራ ኣብቲ ዞባ ሃናጺ ተራ እንተተጻዊታን 'ቲ ስርዓት ኣብ ምሕደርኡ ሓላፍነት እንተተሰሚዕዎን ጥራይ'ዩ ክብል ኣስሚሩ'ሎ።

-----------------------------------------------------///////-------------------------
------------------------------

**<u>10/06/2009</u>**

# *ኤርትራውያን ዜጋታት ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብርዎ ዘለው ዋሕዚ ስደት ብምቅጻል ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጥራይ 733 ዜጋታት ናብ ኢትዮጵያ ከምዝኣተው ተገሊጹ።*

ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈትና ከም ዝሓበሮ ብሰንኪ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ሃገርና ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ቅልውላው ናብ ዝለዓለ ጠርዚ ደይቡ ህዝብና ኣብ ዘተሓሳስብ ህሞት ስለ ዝርከብ ዜጋታትና ብዝረኸብዎ ዕድል ተጠቂሞም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብርዎ ዋሕዚ ብዝለዓለ ናህሪ ይቕጽል ኣሎ።

ብመሰረት'ዚ ካብ ግንቦት 8 ሰነ ዓመተ 2009 ጥራይ 288 ወተሃደራት ዝርከብዎም 733 ዜጋታትና ናብ ጎረቤት ኢትዮጵያ ከምዝኣተው ኣፍሊጡ'ሎ።

እዚ ከምዚ ኢሎ ከሎ ካብ 4 ክሳብ 7 ሰነ ዓመተ 2009 ኣብ ዝነበሩ 3 መዓልታት ጥራይ ብኣንፈት ትግራይ 123 ከምኡ'ውን ብኣንፈት ዓፋር 70 ዜጋታት ናብ ኢትዮጵያ ከምዝኣተው ተረጋጊጹ።

ካብዞም በኣንፈት ትግራይ ዝኣተው 123 ስደተኛታት ዜጋታትና ከኣ እቶም 45 ወተሃደራት ከም ዝኮኑ'ቲ ሓበሬታ ወሲኹ የረድእ።

------------------------------------------------///////////------------------------
------------------------------

**10/6/2009**

***ማሕበረሰብ ዓለም ብሰንኪ ዓጸቦ ኣብ ሕማቅ ሃለዋት ናይ ዝርከቡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቁጸሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ሂወት ንምድሓን ተበግሶኡ ከዕዝዝ መንግስቲ ሆላንድ ብዕቱብ ክዋሳእ ሓበራዊት ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ጸዊዓ።***

ሓበራዊ ሽማግለ ክልቲኡ ሰልፍታት ብ5 ሰነ ዓመተ 2009 ምስ ላዕለዎት ሰብ መዚ መንግስቲ ሆላንድ ተራኪባ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገርና ኣጓኒፉ ዘሎ ሃለዋት ህዝብና ዝፈታተን ዓጸቦ ዝተዘራረበት ኮይና ዋላ'ኳ መላኪ ኢሳያስ ትካል ረድኤት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ገለ ሃገራት ኤውሮጳን ህዝቢ ኤርትራን ህጹጽ ሓገዝ የድዮ'ዩ ክብላ ንዝሃብኦ መግለጺ ኣበይ ርኤንኦ እየን ክብል ክኸውሎ እንተፈተነ 'ቲ ሓቂ ፍጹም ከምዘይሕባእ ገሊጻ እያ።

'ታ ሓበራዊት ሽማግለ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሆላንድ ዳይረክተር ኣህጉራዊ ምትሕብባር ምስ ዝኮነት ሚስስ ብራንትን ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ቐርኒ ኣፍሪቃን ናታ ተሓጋገዝታ ዝኮኑን ተራኪባ ብዛዕባ'ቲ ብናህሪ ዘንቆልቁል ዘሎ ሰብኣዊ ኩነታት ሃገረና ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ዝሃበት ኮይና ብሰንኪ ዓጸቦ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከቢድ ማህሰይቲ ከይወርድ ሆላንድ ንማሕበረሰብ ዓለም ለበዋታት ብምቅራብ ሂወት ናይ ምድሓን ተበግሶ ንክዓዝዝ ክትሕግዝ ድማ ለበዋ ኣቅሪባ እያ።

ማሕበረሰብ ዓለም ብዛዕባ'ቲ ንሃለዋት ህዝብና ዝብድህ ዘሎ ከቢድ ዓጸቦ እኩል ተገንዝቦ መታን ክህልዎን ካብዚ ተበጊሱ ህጹጽ ናይ ረድኤት ስጉምታት ክወስድን ውዓል ሕደር ከይተባህለ ጎስጓስ ክገበረሉ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኳኑ ድማ ኣዘካኪራ እያ።

‘ታ ሓበራዊት ሽማግለ ብተወሳኺ ብናህሪ ይቕጽል ኣብ ዘሎ ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝተዘራረበት ኮይና ነቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ሰሜን ኢትዮጵያን ተዓቂቦም ዘለው ስደተኛታት ህጹጽ ረድኤት ክግበረሎም ድማ ጸዊዓ እያ።

ቅድም ክብል ኣብ ኤርትራ ኣምባሳደር ዝነበረት ሚስስ ብራንት ብወገና ምብጻሕ ‘ታ ሓበራዊት ሽማግለ ድሕሪ ምምጓስ መንግስቲ ሆላንድ ኣብ ውሽጥን ጎረባብቲ ሃገራትን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ክገብሮ ዝጸንሐ ሰብኣዊ ደገፍ ምስ ዝኸሰት ሓድሽ ተርእዮታት ከምኣድላይነቱ ከማዕብሎ ከምዝእል ምርግጋጺ እተን ሰልፍታት ዝዘርግሐኦ ዜና ሓቢሩ።

---------------------------------------------------------/////////----------------
-------------------------------